**(ንኽትፍቶ ኢልካ ሕሉፍ ኣይትኹን) (ሕጂ ውን ክንዛረብ ክንደይ ግዜ ሎ ትም)ብሰንኪ ኣብ ኤርትራ ዝሰፈሩ ጭፍራ,,ብክልተ ገጾም ኣብ ሐንቲ ቅርሺ,, ግጥሚ ን,ብመዓር ዝተሸፈነ ዕረ**

*ትም ከይብል ከመይ ገረ*
*ከም ዕረ እንዳ ዓርዓረ*
*ቃላቶም ኣዕጽምትና እንዳ ሰበረ,,*

***ክልተ ገጽ ኣብ ሐቲ ቅርሺ,*** *ሸምኩም ተበሊሉ ሎሚ ሲ, ፈቲኹም ጸሊእኩም ተጋሩ ኢና በሉ ብሐይሊ,, ዕጭለይ ኣይብልን እሺ, ሸፋቱ ኮፋ ኢሎም ከለዉ, ንጅጋና ሐምድ እድሪስ ዓዋተ ሸፍታ, ንባሕቲ መስከረም ጸላም መዓልቲ, ጭርሖ ኢሰያስ, ንሕና ዕላማናን, ምድጋምኩም ኣስደሚሙኒ፡ብድሕሬኹም መን ከምዘሎ መዓስ ጠፊኡኒ,,*

*መልሲ ንሕብሮም ዝለዋውጡ ከም ነፋሒ ቶ,ኤርትራ ንኤርትራዊያን ኩሉ ይጽላእ ይፍቶ, ትግራዋይ ዓዱ ኣላቶ, ሸሮ ዓደቦይ ይሕሸኒ ካብ ኩትፎ,, ንሐቂ ሐቂ ንጌጋ ጌጋ, እብል ሸረፎ, ፈትየ ኣይኮንኩን ኣብ ከርተት ክሕልፎ, ንኽፍቶ ክብል ንመን ክንሕፎ,,*

*መሰል ገደብ ከም ዘለዎ ፍለጥዎ*
*ንመስዋእቲ ዋዕሮ ጅግና ኣኽብርዎ*
*ወይ ንህዝቢ ንቃለስ ኢና ኣይትበልዎ,,*

***(ሐቂ መራር እያ፡እቶም ካብ ባሕሪ ብጭልፋ*** *ኤርትራዊያን) ብጀካ ፍለጡና ፍለጡና እንበር, ንሐቂ ሐቂ ንጌጋ ጌጋ ኢልኩም መሚኹም, ንመስዋእቲ ዋዕሮታትን ኣያታትኩምን ኣኽቢርኩም, ንፍትሒ ክትቃለሱ ኣይረኤናኩምን,,*

*ስዉእ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ, ሎሚ ጅግና ጽባሕ ጅግና,ኤርትራዊያን ብስዉኣትና, ሕቡናት ኢና, ተኻላኸልቲ ሃይለ ስላስየ ኣሉላ, እንታይ ይፈልየኩም ካብ ጉጅለ ድራኩላ, ንኤርትራ ደቀባታ እዮም ወዲቖምላ ኣብ ባሕቲ መስከረም ዕላማኹም ተበሊላ።*

*ኣዲኣ ገዲፋስ ሐትንኣ ትናፍቕ, ሕጂ ኸኣ ብሐይሊ ተጋሩ ኢና በሉ ዝብሉ መጺኦምና ,እንቢ ኤርትራዊያን ኢና እንተ በልና ኸ, ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን ዶ ሎሚ, ንቱርኪ, ንግብጺ, ንጥልያን ንእንግሊዝ, ንኢትዮጵያ, እኳ ዘይትንበርከኽ, ህግደፍ ጽባሕ ክድምሰስዩ, ዝጎድል የሎ ዝንከ።*

*ከመይ ድዩ ኤርትራውነት, ንነጻነትና, ን30 ዓመታት ፈሲሱ ደምና, ገና ትምኒቱ ከይሰመረሉን ህዝብና, ብስዉር ኣጀንዳ ዘለዎም ዕንቅፋት በዚሑና, ን26 ዓመት ንሐርነት ከርተት ንብል ዘለና።*

*ብተልእኾ ንወለዶ ሎሚ ከጋግዩ፡ምስ ቶም ኣብ ኣርባዓታት, ናይ ሓባር ቃልሲ ነጺጎም, ኢትዮጵያዊያን ክኾኑ ዝተመነዩ, ብድሕሪና ቃልሲ ጀሚሮም ብሐገዝና ዝዓበዩ,, ኪሒዶም ምስ ሐዎም ውዲት ኣሊሞም, ንሰራዊት ሐርነት ዘድመዩ, ዝቐደመ ያኣኽለና ሎሚ,ኸ ንመን ክተጋግዩ,,*

*ንገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣፍደገ ዓወቱ*
*ውዲት ኣሊሞም, ንድሕሪት ከምዘይ ጎተቱ,*
*ድሕሪ 17 ዓመት ተዓወትና እንዳ በሉ ዝንየቱ,,*

*ክልተ ገጽ ኣብ ሐደ ቅርሺ,, ብ,ባድመ ምስ ኢሰያስ ዝተባእሱ ክመስሉ, ንውጡቕ ኣሃዱታት ዘለውን ውድባት ንኸምስሉ, ባይታ ክንበክን ኢሎም ዝኸልከሉ, ኣይንላዕሊ ኣይንታሕቲ ገሮም, ንህግደፍ ትንፋስ ሰኹያምሉ,*
*ውድባት ወሲኖም ንሜሬት ዓደቦኦም ስለ ዘይዘለሉ, ኣብ ኢትዮጵያ ኮፍ ስለ ዝበሉ, እንሆ ንደንበ ተቓውሞ ኩሉ ይምክሐሉ,,*

*ብሰንኪ ኣብ ኣስመራ, ዝሰፈሩ ጭፍራ, ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጃህራ, በቲ ሐደ ኣሕዋት ኢና እንዳ በልካ ወፈራ፡ክልተ መልሐሶም ከም መንደላይ, ሕልሚ ዓባይ ትግራይ, ኣሕዋት ኢና እንዳ በልካ ምውጣይ,, ወለዶ ሎሚ ከየጋግዩኻ ኣይትዓሹ, ታሪኽ ኣቦታትካ ኣደታትካ ከይተባላሹ,, ከይትጠልም ሕድሪ, ይልግስ ኣለኹ ናተይ ምኽሪ, ሰብ ኣይነብርንዩ ታሪኽዩ ነባሪ።*

*ቃንዛ ኤርትራዊያን ዘይስምያ, ንፍትሐዊ ቃልሲ ክተግድያ, መኒ ኻታ ገዳይ እንዳ በልካ ክንደዚ ትነያ,, ብኣታሐሕዛ ደንበ ተቓውሞ, ንኢትዮጵያ እምተ ነቐፍካ ህግደፍ, ንጉጅለ ኢሰያስ እንተ ኮነንካ ወያነ, ኩሉ ንጠቕሙ ንሐቂ እንተ ደፊነ, ድብርጽ ኣይብለንን ዝኾነ እንተ ኾነ, ምስ ቶም ሕማቕና ዝምነዩ እንበር, ጸላኢ ህዝቢ ትግራይ, ኣይኮንኩን ኣነ።*

*ሕጂ ውን ሽግር ኤርትራዊያን ብኤርትራዊያን እዩ ዝፍታሕ, ኣየድልየናን ብኤርትራዊያን ዝምካሕ, ድልዋት ኢና እሂ ን ምሂ ን ኢልና ብሐብር ንምስራሕ።*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ፡ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ, ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ስዕረት ንጃ ንድ ህግደፍን ዓንገልቶምን, ብ,በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን።*